# መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት

# እቲ ጥፉእ ወዲ



ጸሓፊ :- Edward Hughes

ገላጺ :- Lazarus
Alastair Paterson

ኣወሃሃዲ፣ Ruth Klassen; Sarah S.

ተርጓሚ፡- ሰላም ተወልደ

ኣባዛሒ፡- Bible for Children
www.M1914.org

©2022 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቑድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣



የሱስ ነቶም ህዝቢ ብዛዕባ
ምሕረት ኣምላኽ ክነግሮም ደለየ። ኣይሁዳዊያን መራሕቲ ግን ብዛዕባ
ምስ ሓጥያተኛታት ምቅራቡ
የጉረምሩሙ ነበሩ። ስለዚ የሱስ፥
እግዚኣብሄር ሓጥያተኛታት
ምሕረት ሓቲተቶም ኪምለሱ
ከለዉ ኣዚዩ ከም ዝሕጎስ
ንከረድኦም ሰለስተ ዛንታታት
ነገሮም።

እታ ቀዳመይቲ ዛንታ ብዛዕባ
ሓደ ሚእቲ ኣባጊዕ ዝነበርኦ
ሰብኣይ ነበረ። ሓንቲ

ካብእተን ድማ ጥፍእት።
ብኡ ንብኡ ድማ እቲ ጓሳ
ነተን ቴስዓን ትሽዓተን ገዲፉ
ነታ ሓንቲ ክደልያ ከደ።





እቲ ጓሳ ድማ ክሳብ
ዝረኽባ ክደሊያ ወዓለ።
ምስ ረከባ ድማ ኣብ ዝባኑ
ሓንጊሩ  እንዳተሓጎሰ ንቤቱ
ወሰዳ። ነዕርኹቱ ድማ
እታ ዝጠፍአት በጊዐይ
ረኺበያ ምሳይ ተሓጎሱ
እንዳበለ ነገሮም።

የሱስ ድማ ብምድሓን
ሓንቲ ነፍሲ ኣብ ሰማያት
ኣዚዩ ዓቢ ሓጎስ ከም
ዝኸዉን ነገሮም። ምንሳሕ
ማለት ድማ ካብ ሓጥያትካ
ምምላስ እዩ።





እቲ ካልኣይ ዛንታ ድማ
ብዛዕባ ዓሰርተ ዲናር
ዝነበርኣ ሰበይቲ ኣያ ኔራ፥
ምናልባት ውን ሙሉእ
ዕድሚኣ  ዝኣከበተን እዩ
ዝኸዉን። ኣዚዩ ዘሕዝን
ነገር ግን ኣጋጠመ። ሓንቲ
ካብተን ዲናራ ጠፍኣታ።

ኮስቲራ! ኮስቲራ! ኮስቲራ! እታ ሰበይቲ ኣብ ኩሉ ደለየታ። ኣብ መወዳእታ ግን ነታ ዝጠፍአት ዲናራ ረኸበታ። ኣዚያ ድማ ተሓጎሰት። እንታይ ከም ዝገበረት ትፈልጡ? እወ! ንኩለን መሓዙታ ከይዳ ኣበሰረተን።





የሱስ ድማ መሊሱ በሎም፥ “ብምድሓን ሓንቲ ነፍሲ ምስ መልኣኽቲ ኣብ ሰማያት ኣዝዩ ዓቢ ሓጎስ እዩ ዝኸዉን።”

እታ ሳልሰይቲ ዛንታ ድማ ኣዝያ ተሕዝን
እያ ኔራ። ብዛዕባ ሓደ ካብ ቤት ኣብኡ
ዝጠፍአ ቆልዓ እያ።



ኣብ ሓደ ርሑቕ ዓዲ እቲ ወዲ ገንዘቡ ኩሉ ወድኣ። ሕጂ እንታይ ክገብር እዩ? ካብኡ ዝገደደ ድማ ጥምየት ኣብቲ ዓዲ ኮነ። እቲ ወዲ ብጥምየት ክመዉት ደለየ።



ካብ ጥምየት ክድሕን ድማ ናይ ሓሰማ መጋባይ ስራሕ ረኸበ። ንርእሱ ዝምግቦ ሰብ ግና ኣይነበረን። ካብቲ ናይ ሓሰማ መግቢ ድማ ኪበልዕ ጀመረ። ድሒሩ ግን እቲ ወዲ  ናብ ዉንኡ ተመልሰ። ኣብ ቤት ኣቦይ እቶም ግዙኣትና ከይተረፉ እዮም ጥዑም መግቢ ዝምገቡ" ኢሉ ሓሰበ።





በቃ ናብ ቤት ኣቦይ ተመሊሰ ምሕረት ኪሓትት እየ ። ወዱ ከኸዉን ሕጂ ኣይበቅዕን እየ። ሓደ ከምቶም ግዙኣቱ ተዝገብረኒ ኢሉ ድማ ተመነየ።

ናብ ቤቱ ክበጺሕ ምስ ቀረበ ድማ ካብ ማዕዶ ኣብኡ ረኣዮ ክመጽእ ረኣዮ። ብሓጎስ እንዳዘለለ ናብቲ ዝመጽእ ዝነበረ ወዱ ከደ። ንወዱ ድማ ሓቑፉ ሰዓሞ።





“ኣቦ ኣነ ሓጢያት ጌረ እየ ወዲኻ ክኸዉን ዉን ኣይበቅዕን እየ” በሎ። እቲ ወዲ ግዙእካ ክኸዉን ኣፍቅደለይ በጃኻ ኪብሎ እንዳበለ ኣብኡ ኣብ ሞንጎ ኮለፎ። ጽቡቅ ቀሚሽ፣ ጫማን ቀለቤትን ኣምጽኡለይ ዓቢ ድግስ ድማ ክንገብር ኢና በሎም።

ዓቢ ድግስ ድማ ገበርሉ ምኽንያቱ እቲ ጠፊኡ ዝነበረ ወዱ ስለ ዝተረኽበ።
የሱስ ነዚ ዛንታ ዝነገሮም "ሓጥያተኛታት ተነሲሖም ናብ እግዚኣብሄር

ክምለሱ ከለዉ እግዚኣብሄር ኣዚዩ
ስለ ዘፍቅሮም" ከረድኦም
ስለ ዝደለየ እዩ።



እቲ ጥፉእ ወዲ

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ሉቃ 15

"ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።" መዝሙር 119፣130

መፈጸምታ

45

60

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኲልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኲሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኲሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኲሉ ሳዕ ንዘራረብ!
የውሃንስ 3።16